**ኖርወይ ኦስሎ !!**



## ስምኦን ወዲ 7 ዓመት ሓታቲ ዕቑባ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ !!

ብዕለት 28 06 2008 ብምኽኒያት ኣብ ሃገር ግብጺ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝግበር ዘሎ ካብ ሰብኣዊ ርህራህ ዝወጸ ኣረሜናዊ ተግባር መንግስቲ ግብጺ ዘቃልዕ ዓቢ ሰላምዊ ሰልፊ ተኻይዱ።

እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብማሕበር ሕብረት ኤርትራውያን ኣብ ኖርወይ ዝተዋደደ ኮይኑ፡ ብዙሓት ሓደስቲ ሓተቲ ዕቑባ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፡ ኮምኡ እውን ነባራት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘካተተ ግሩም ድንቅ ዝኾነ ሰላማዊ ሰልፊ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝያዳ ዕዉት ኮይኑ ክወጽእ ዝገበሮ ቀንዲ ምኽኒያት፡ ማሕበር ሕብረት ኤርትራውያን ኣብ ኖርወይ ብዝገበሮ ሓያል ጻዕርን፡ ክምህ ዘይብል ተወፋይነትን ኢዩ።እዚ ድማ ሓደስቲ ሓተቲ ዕቑባ ናይ ትራንስፖርት ጸገም ከየጋጥሞም ኣውቶቡሳት ብምክራይ ካብ ዘዘሎውዎ መደበር ስደተኛታት ኣምጺኡ ነቶም ብዝያዳ ዝምልከቶም ሓተቲ ዕቑባ ኣብቲ ዝተዋደደ ሰላማዊ ሰልፊ ክሳተፉ ምግባሩ፡ ማሕበር ሕብረት ኤርትራውያን ኣብ ኖርወይ ክሳብ ክንደይ ንፍትሒ ንሰላም ንሕጊ ዝጣበቕ ማሕበር ምዃኑ ዝእምት ዓቢ ምልክት ምዃኑ ተሳተፍቲ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብኣድናቖት ገሊጾም።

ከምቲ ሓያል ጻዕሪ ዝተኻየደሉ ድማ መልእኽቲ ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኢድ እቲ ቀዳማይ ቆንስል መንግስቲ ግብጺ ኣዕቲሩ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብዓወትን ብምምስጋንን ተዛዚሙ።

ድሕሪ ሰላማዊ ሰልፊ ምዝዛሙ፡ ኩሉ እቲ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ዝነበረ ሰብ ብኣውቶቡሳትን ብመካይንን ተጓዒዙ ኣብቲ ብማሕበር ሕብረት ኤርትራውያን ኣብ ኖርወይ ዝተዳለወ ኣዳራሽ ብምኻድ ብዝተቐረበሉ ሽሳየ ማይ ጽምኡ ኣርውዩ ከርሱ ኣዕንጊሉ፡ ናብ ሓሳብ ንሓሳብ ምቅብባልን፡ ርእይቶታት ምስማዕን፡ ምምኽኻርን ምምዕዓድን ኢዩ ኣትዩ።

ኣብ መጨረሻ ድማ ኣድራሻታት ድሕሪ ምቅይያር ብምምስጋን ሰልፈኛ ነናብ ቦታኡ ብሰላም ተመሊሱ። ምሉእ ትሕዝቶ ናይ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብድምጺ ተቐሪጹ ኣብ www.mereb.org ኣትዩ ከም ዘሎ ንሕብር።

ከም ዝፍለጥ ማሕበር ሕብረት ኤርትራውያን ኣብ ኖርወይ ኣባል መርበብ ስቪካውያን ማሕበራት ኣብ ኤውሮጳ ኢዩ።

ስምኦን ወዲ 7 ዓመት ድማ ምስ ኣቦታቱን ኣደታቱን ኣሕዋቱን ኮይኑ ኣድሕኑኒ ኢዩ ዝብል ዘሎ'ሞ ኤርትራውያን ኣብ ዝሃለና ንሃሉ ህዝብናን ሃገርናን ንምድሓን ንቃለስ።

*ወኪል ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ሽወደን።*